ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፈን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

**Eritrean Orthodox Tewahdo**
**MedhanieAlem kerk**
**Amstelveen -Amstelland**
**Holland.**

4 መጋቢት 2012 ዓ.ም.ግ.
13 መጋቢት 2020 ዓ.ም.ፈ.
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2012-225

በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ብሰንኪ ናይ'ዚ እዋናዊ ሕማም ቫይረስ ቤተክርስትያንና ንውሱን ጊዜ ኣገልግሎት ጠጠው ኣቢሉ ኣሎ።

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም እምስተልፈን-ኣምስተልላንድ፡

ብመጀመርታ ነቲ ልዑል ባህርይ ዝኾነ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ክሳብ እዛ እዋን እዚኣ ዘጽነሓና ልዑል ምስጋና ነቕርበሉ። ኣስዒብና ከኣ ንኩልኹም ምእመናንን ምእመናትን እዛ ቅድስቲ ቤትክርስትያን፡ ኣብ ህይወትኩም ምሉእ ጥዕና ኣብ ሥራሓትኩም ከኣ ኣሳልጦን ግስጋሰን ንምነየልኩም።
ብምቕጻል እዚ ህጹጽ መልእኽቲ እዚ ከነመሓላልፍ እንከሎና፡ ንዘይሰምዐ ምእንቲ ቀልጢፉ ክሰምዕ ክትነግሩ ምትሕብብርኩም ኣይፈለየና እንዳበልና ንምሕጸን፥
ሎሚ መዓልቲ ብጸሓፊት ናይ ቤተክርስትያን St. Augustinus kerk (ዋናታት ቤተክርስትያን) ኣቢሉ ዝበጸሓና ህጹጽ መልእኽቲ፡ ከም ዝሕብሮ፡ ካብ ቀዳም 14-03-2020 ክሳብ 31-03-2020 ቤተክርስትያን ዕጽዊ ስለዝኾነ፡ ንስኻትኩም እውን ክትግልገሉሉ ኣይከኣልን ኢዩ ዝብል ኢዩ። ስለዚ ኣብ'ዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ጊዝያት፡ ኣብ ቤተክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣገልግሎት ከም ዘየለ ክንሕብረኩም ንደሊ።

<u>**ተወሳኺ ኣገዳሲ ሓበሬታ**</u>፥
ብሰንኪ እዚ ዘሎ ኩነታት ቫይረስ፡ ዝወጽእ ዘሎ መንግሥታዊ ውሳነታትን ክግመት ዘይክእል ምዕባለታቱን፣ ምብዓል ጥንተ ስቅለቱ ናይ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ደብረሰላም መድሓኔለም፡ ኣብ'ቲ ከነብዕሎ ዘሎና ጊዜ ተሪፉ፡ ንዘይተወሰነ ጊዜ ተመሓላሊፉ ከም ዘሎ ክንሕብር ንፈቱ።
ኣገዳሲ ምዕባሌታት ብዝምልከት ኣብ ቀጻሊ እዋን፡ ኣብ ወብሳይትና ይኹን ከም ኣድላይነቱ ብኢመይል ክንሕብር ኢና።

እግዚኣብሔር ምሕረቱ ይሃበናን ይኣዝዘልናን።

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቢተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

መልኣከ ሰላም ቀሺ ክብሮም ኪዳነ

*ሰበኻ ጉባኤ ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም*
*Het Kerkelijke bestuur*

Email:
debreselammedhaniealem@gmail.com
www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965**
**1081 JG Amsterdam**
**Nederland**